# ተግባራት ህ.ግ.ዲ.ፍ. ብኣባላት "ሃገራዊ ጉባኤ" ተተግቢሩ እንተብልናኩምስ እንታይ ትብሉ ጉዳም ተረኽቦ ኣብ ስቶኮልም!!!!!!

ክቡራት ኣንበብቲ ኣሕዋት ኣሓትን፡

ከምቲ ኩሉ ብኣጋጣሚ ኣብ ጉዕዞ መናባብሮ ወዲ ሰብን ፖሊቲካዊ ሃለዋትን ዝጋጠም ብስነ-ሞጎታዊ ክውንነት ተመኺሮሰካ ንክትገልጾ ከሎኻ፡ ኣይ ከም ኣዴኻ ዝለኣኸትካን ከም ዕዳኻ ዝጸንሓካ ከም ዝበሃል፡ ብተግባር ስለ ዝተጓነፈና ምእንቲ ሓቀኛ መንነት ናይ ቲ ተረኽቦ ክትግንዘቡን ክትፈልጡን ዋላ እውን ከም እትስንቡዱ እናተረድኣኒ ናይ ግድን ኮይኑኒ ነዚ ኣርእስቲ እዚ ክጥቀም ተገዲደ።

ኩሉ ዓለም ከም ዝፈልጦን ኩልና ከም ዝበጻሕናዮን ስርዓት ህግዲፍ ቁልቁል ዝኣፍፋ ንዑኡ ዝውድስን ዝድግፍን ዝንእድን ስነ-ጽሑፍ እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ስነ ጽሑፍ ንዑኡ ዝወቅስን ዝነቅፍን ዝሓትትን ሓቂ ዝሕበርን ክጸሓፍን ክንበብን ፍጹም ኣየፍቅድን ክሳማማዕ እውን ኣይደልን፡ ከም ገለ ምሉቅ ኢሉ ዝወጸ ድማ ውራይ ንምጽላሙን ንምውንጃሉን ንምንእኣሱን ይዋፈር። እዚ ኩሉ ዓለም ዝፈልጦ ጸገማት እዩ፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ እዩ ድማ ሓያሎ ሃገራውያን ጋዜጠኛታት በቲ ኢሰብኣዊ እከይ ኣገባቡ ኣሲሩ ዘሎ። ኣባላት ሃገራዊ ጉባኤ ድኣ እንታይ ገበሩ ዝብል ሕቶ ኣብ ኣእምሮ ኣንበብቲ ክወጽእ ባህርያዊ ስለ ዝኾነ፡ በሉ ጉድ ስምዑ ከዋግዓኩም፡-

ብዕለት 24 መስከረም 2004 ዓ. ም. ፈ. ብምኽንያት ባሕቲ መስከረም መበል 43 ዓመት ዝኽሪ ብረታዊ ተጋድሎና ብኹሎም ተቓወምቲ ውድባትን ማሕበራትን ብሓደ ከነብዕሎ ተገብረ። ኣብቲ በዓል ድማ ኣባላት ፖሊቲካዊ ውድባት ናይ ውድቦም ዕላማ ወይ ርእይቶ ኣብ ቅድሚ ህዝብን ጋዜጠኛታት ማለት ተለቪዥዮንን ኣዳልን ዘተን ብቃልዕ ክገልጹ ተገብረ። እቲ ባይታ፡ ባይታ ዲሞክራስን ባይታ ተጻዋውርነትን ግሉጽነትን ኽሰውን ከምኡ ድማ ንመጻኢ ብዝለዓለ ደረጃ ክልመድን ተሰፋ ዝተገብረሉ ናይ መጀመርታ ኣኼባ እዩ። በዚ መሰረት ካብ ህዝቢ ብስዲ ንባብ ይኹን ብግጥሚ ነቲ ኩነታት ዘንጸባርቅ ስነ-ጽሑፍ ክቀርብ ወሁብ መሰል እዩ ነይሩ። ኣብ ከምዚ ባይታ እዚ ድማ ክትሰምዮን ክትርእዮ እትደሊ ጥራሕ ኣይኮነን ዝቀርብ ብዙሕ ዝተጸቢኻዮን ዘይተጸበኻዮን ክርከብ ምኻኑ ምፍላጥ የድሊ፡ ኣብዚ ድማ እዩ ተጻዋርነትካን ንቕሓትካ ትልለ። ኣሕዋትና ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ናይ ከተማ ስቶኮልም ድማ እዚእ ሸተት ኢላቶም ሓላቕ ተጻዋርነቶም ኣርእዮም።

ሓውና ኣንቶንዮ ተስፋይ ሓደ ካብቶም ነቲ በዓል ከማዕርግ ጽሑፍ ሒዙ ዝቀረበ ባእታ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግና ነቲ ተመዲቡ ዝነበረ ጽሑፍ ናይ ኣንቶንዮ ክንበብ ከይተገንጸለ ከሎ፡ ኻኽይንበብ ብኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ንከይንበብ ተኸልከለ፡ ኣብ ውሽጢ እታ ሽማግለ ኣዳላዊት በዓል ዕግርግር ኣእተዉላ፡ ቀጺሎም ትሕዝቶኣ ከይፈለጡ ብዕዉር ድሑር ፍሽለቶም፡ እንተድኣ እዚእ ጽሕፍቲ ተነቢባ ካብዚ በዓል ክንወጽእ ኢና ምባሎም እዩ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን እቲ ዘይሓላፍነታውን ልሙድ ቆልዓዊ ዝተዋራረሰ ሰርሓት ክፍጸም ከሎ እቲ ዝለዓለ ካድሮም ኣባል ፈጻሚ መሪሕነት ዝበልዎ ምስኦም ምንባሩ እዩ ንህዝቢ ዝገርሞ " ዓባይ በጊዕ ዕያውታ ሒዛ ትጠፍእ" ዘብል ኮነ። ሕያዋይ ተዓዛቢ ዝበሎ ከኣ፡ ዋእ ኣብ በዓላት ህግዲፍ ድኣ ካብዚ ንላዕሊ እንታይ ተገይሩ እዩ ኢሉ፡ ህግደፋውያን ብድሑር መሳሪሒኦም ካብ በዓላት ካብ ኣኼባታት ክሳብ ካብ ወልቃዊ በዓላት ከይተረፈ ነቲ ምስኦም ዘይሰማማዕ ርእይቶ ዘሎዎ ይሰጉ የውጽኡ ወይ ድማ ንሕና ንወጽእ ይብሉ። ተመልከቲ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ከኣ ካብ ዋና ጽሓፊ ምሕዝነት ዝለገቦም ሕማም ገንፍልዎም ኣንቶንዮ እዛ ወረቀት እንተኣንቢቡዋ ክንወጽእ ኢና ኢሎም ምህዳዶም ፍርድን ሚዛንን ንዓ

ዅም ገዲፊ እቲ ካልእ ምንሻውን ምንኣኣስን ዝገበርዎ ባዕሉን ብተዓዘብትን ተገሊጹ እዩ።

ክቡራት ኣንበብቲ ኣነ እዚ ጽሑፍ እዚ ክጽሕፍ ከሎኹ ዘራይ ወይ ተጣባቒ ናይ ውልቀ ሰብ ኣይኮንኩን፣ ዋላ እውን እታ ጽሕፍቲ ዘንበብኩ ኣይኮንኩን፣ እንታይ ድኣ ግህሰት መሰል ወዲ ሰብ ብዕላማ ብመትከል ስለ ዝቋወም እየ። ኣብዚ ሓውና ኣንቶንዮ ከም ሰብ ከም ሃገራዊ ክጽሕፍ ከንብብ መሰሉ ስለ ዝኾነ፣ ሰሚዑን ርእዩን ክነቅፊን ክእርምን ዓቕሚ ዘሎዎ ሰብ ድማ ብቕዓቱ ይምዘዝ። ካብኡ ሓሊፉ ግና እቲ ክትሰምዖ ጥራሕ ትድሊ ከተፍቅድ " ጣቒዒትን ወዳሴን" እቲ ንእዝንካን ኣእምሮኻን ዘጨንቕ ኣብ ጉንዲ እዝንካ ከተቕርብ ዘይትደሊ ድማ ክትእግድ ብዕላማኡ ብመንፈሱ ናይ ስርዓት ህግዲፍ ተግባራት እዩ ሞ ኣሕዋትና ኣባላት <u>ሓዲስ ውድብ ሶባ</u> ኣባላት ሃገራዊ ጉባኤ ኣይፋልኩምን ኣይመገድኹምን ይብለኩም። ተጻዋዊርና እንከባበረላ ብርኽቲ ሃገር ክትህነጽ ኣብ ቃልሲ ስለ ዘሎና፣ በዚ መሰረት ድማ እየ እዚ ተረኽቦ ናይ ስቶኮልም ሓደ ካብቲ ክንቃለሶ ዘሎና ተረኽቦ እዩ ዝብል እምንቶ እዩ ዘሎኒ።

<u>**ብዲሞክራሲ ዘይምእዘዝ፣ ብሕጋውነትን ስሪዒትን ዘይቕየድ፣ ወትሩ ዕ ግርግር እዩ ጠባይ ኣድገ በቕሊ ሒዙ ድማ ይጉዓዝ።**</u>

ክንዕወት ኢና !!!
ዱልዱል ዕጥቂ ንኽብሪ ሰብኣዊ መሰል!!!

ንጽሕቲ ሞባእ
ስቶኮልም ሽወደን።